# ዘመነ ጾም

**ንባባት፡ ኢዮኤል** 2፡12-18, 2 **ቆሮንጦስ** 5፡2-6, **ማቴ** 6፡1-18

(ኣብ መልእኽቲ ር.ሊ.ጳ በኔዲክቶስ መበ16 ንጾም ኣርብዓ ኣመልኪቶም ኣብ ዝጸሓፍዎ መልእኽቲ ዝተመርኮሰ ኣስተንትኖ)

ዘመነ ጾም ንብዓለ ትንሳኤ ንምቅርራብ ዝተዋህበ ግዜ እዩ። ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ጾም ዝውቱር ከምዝነበረ ንርኢ። ብጾምን ጸሎትን ንብዓልትንሳኤ ክንሰናዶ ከምዝግብኣና ታሪኽ ክርስትናና ይነግረና። ነ.ኢ.ክ. ኣብ ምድረበዳ ንኣርብዓ መዓልቲን ለይትን ጸይሙ። ሙሴ ኣብ ደብረ ሲና ንኣርብዓ መዓልቲ ጸይሙ። ቤተክርስትያን ጾም ትእውጅ። ቅዱሳን ኩሎም ጾም ከምዘዘውተሩ ንርኢ። ነዚ መሰረት ገርና ነዚ ዓመት ጾምና ንኣትዎ ኣሎና። ቅዱስ እዋን ምስ ኣምላኽና ሓውናን ሓፍትናን ክንዕረቕ ዝሕግዘና ግዜ።

## ትርጉም ጾምን ጥቕሙን

ኣብ ግዜ ጾም ኣብ ትምህርቲ ወንገልን ኣብ ባህልን ስርዓትን ክርስትናና ተሞርኲስና ሰለስተ ነገራት ብፍሉይ እንዝክሮም ኣለዉና **ጸሎት፤ምጽዋት፡ ጾም**። እዚ ኸኣ ንብዓለ ፋሲካ ብዝያዳ ንምቅርራብ እዩ። ነዚ መሰረት ገርና ትርጉምን ጥቕምን ጾም ክነስተንትን ንኽእል። እዚ ንኹልና ኣመንቲ ዝምልከት እዩ ስለዚ ነፍስወከፍና ነናትና መደብ ጾም ክንገብር ኣሎና። ኣብ ገዛና ኣብ ቁምስናና ኣብ ዓድና ኣብ ሰበኻና ኣብኩሉ ጾም ንኣውጅ ምሕረት ኣምላኽ ክንረክብ። ዕለምና ኣብ በብዓይነቱ ቕልውላው ኣብ ዘላትሉ እዋን ጾምና ፍሉይ ትርጉምን ተስፋን ኣልኡ።

### ጸሎት

- ንጋሆ ንጋሆ ቅዳሴ ምስማዕ፤ እንተዘይተኻእለ ፍሉይ ጸሎት ምግባር።
- ፍሉይ ግዜ ኣስተንትኖን ሓሳብ ጸሎትን ምምዳብ
- ዕለታዊ ንባብ ወይ መጽናዕቲ ቅዱስ መጽሓፍ ምግባር።
- ኣብ ሓበራዊ ነገራት ንመንፈሳውነት ኣብ ዝሕግዙ ነገራት ምስታፍ።

### ጾም

- ካብ ኩሉ እትፍትዎ ነገራት ብፍላይ መግቢ/ጥልላት ምኽልካል
- ካብ ኩሉ ወልፊ ደው ምባል ብኡ ኣቢልካ ምቁራጹን ምሕዳጉን።
- ንነፍስኻ ምቕጻዕ ማለት ንሕማቕ ባሕርያትካ ክትቕይር ምቅላስ ፤ስምዒትካ መሊኽካ ምኽኣል።

### ምጽዋት

- ንጽጉማት ምሕጋዝ፦ ብመንፈሳውን ስጋውን ነገራት ክትሕግዝ ስንድው ምዃን።
- ፍቕሪ ብዝያዳ ምትግባር። ምስ ኩልይ ዕርቂ ምግባር።
- ሕይወትካ፡ ግዜኻ፡ ሃብትኻ ሓይልኻ ትምህርትኻ ብዝያዳ ንድሕነት ኣገልግሎት ካልኦት ምውዓሉ። ንጥቕሚ ካኣት ኣለሊኻ ምኻል።

# ኣስተንትኖ ጾም

ጾም ነቲ ጎ.ኢ.ክ ኣብ በረኻ ዘሕለፎ 40 መዓልትን ለይትን የዘኻኽረና። እዚ ኸኣ ቅድሚ ስብከት ምጅማሩ ገርዎ። ኣብ ማቴ 4፡12 ኢየሱስ ብመንፈስ ተመሪሑ ኣብ በረኻ ወጸ ኣብኡ ከኣ ብሰይጣን ተፈተነ ኣርብዓ መዓልትን ለይትን ድሕሪ ጸይሙ ጠመየ ዝብል ነንብብ። ሙሴ ቅድሚ 10 ትእዛዛት ምቅባሉ ጸይሙ።( ዘጽ 34፡28) ኤልያስ ቅድሚ ንእግዚኣብሔር ኣብ እምባ ኮረብ ምርኻቡ ጸይሙ (1ዘነገ 19፡8) ኢየሱስ ብጸሎትን ጾምን ንርእሱ ኩሉ ግዜ የሰናዱ ኔሩ።

ኣብ ሕይወትና ካብ ጽቡቕ ብምኽልካልና እንታይ ጥቕሚ ንረክብ ብምባል ክንግረም ንኽእል ንኸውን። ኣብ ቅዱስ መጽሓፍን ትውፊትን ጾም ካብ ሓጢኣት ክንክልከል ጥቕሚ ከምዘልኦ ንርኢ። ኩሉ ባህሊ ቤተክርስትያን ጾም ካብ ኩሉ ምኽንያት ሓጢኣት ክንድሕን ከምዝሕግዘና ይነግረና። ታሪኽ ድሕነት ኩሉ ምስ ጾም ዝተተሓሓዘ እዩ። ኣብተን ቀዳሞት ገጻት ቅዱስ መጽሓፍ ኣምላኽ ሰብ ክጸውም ከምዝኣዘዘ ነንብብ “ካብ ፍረ እቲ ኣብ ገነት ዘሎ ኦም ኩሉ ብላዕ ካብ ፍረ እታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ግና ካብኣ ዘበላዕካሉ መዓልቲ ብርግጽ ክትመውት ኢኻ እሞ ካብኣ ኣይትብላዕ (ዘፍጥ 2፡1617)። ቅዱስ ባስልዮስ ጾም ኣብ ገነት ተጀሚሩ ይብል። ኣብኡ ንኣዳም ቀዳማይ ትእዛዝ ተዋሂብዎ። ኣይትብላዕ ዝብል ቃል ጾምን ምኽልካልን የስምዕ። ኩልና ብሰንኪ ሓጢኣት ኣዳም ዝተበከልና ኢና ጾም ኣብ ዝዓሎናሉ ግዜ ይሕድሰና። ዕዝራ ንህዝቢ እስራኤል ካብ ስደት ባቢሎን ንምድረ ተስፋ ቅድሚ ምብጋሶም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ሞገስ ምእንቲ ክረኽቡ ክጾሙ ኣዚዙ። እግዚኣብሔር ጸሎቶምን ጾሞምን ተቐቢሉ ፍቅሩን ሓለዋኡን ኣረጋጊጽሎም። ብተመሳሳሊ ሰብ ንነዌ ንመጸዋዕታ ዮናስ ተቐቢሎም ጾም ኣዊጆም፤ መንይፈልጥ እግዚኣብሔር ካብ ቅጡዓኡ ይምለስ ይኸውን እሞ ኣይንጠፍእን ንኸውን ( ዮናስ 3፡9) እግዚኣብሔር ንስሓኦም ርእዩ ምሒርዎም።

ኣብ ሓዲስ ኪዳን ኢየሱስ ሓቀኛ ትርጉም ጾም ይነግረና ከምቶም ናይ ፈሪሳውያን ዘይኮነስ ብልቢ ዝጽወም ጾም። ኣብ ማቴ፡6፡18 ፍቓድ ሰማያዊ ኣቦ ምግባር እቲ ብሕቡእ ዝርኢ ኣቦኻ ድማ ኪፈድየካ እዩ። ኣብ ማቴ 4፡4 ሰብ ካብ ኣፍ ኣምላኽ ብዝወጽእ ኩሉ ቓል ዳእምበር ብእንጌራ ጥራይ ኣይነብርን እዩ” እቲ ሓቀኛ ጾም ኣብ ምብልዕ ቃል ኣምላኽ ዘተኮረ እዩ ንሱ ኸኣ ፍቓድ ሰማያዊ ኣቦ ምግባር እዩ። (ዩሓ 4፡34)

ቀዳሞት ክርስትያን ጾም የዘውትርዎ ከምዝነበሩ ግ.ሓ ይነግረና ግ.ሓ 13፡3፥14፦22፥ 27፦2 2ቆሮ 6፡5)። ኣበው ኩሎም ባዛዕባ ሓይሊ ጾም ይዛረቡ ልጓም ሓጢኣት ይፈትሓልና ብፍላይ ትምኒት ሓጢኣት የጥፍኣልና። ጾም ብኹሎም ቅዱሳን ይዝውተር ከምዝነበረ ኩሎም ቅዱሳን ከአ ክግበር ከምዝምሕጸኑ ነንብብ ቅ. ጴጥሮስ ክሪስቶሎጎስ ከምዚ ይብል “ጾም ነፍሲ ናይ ጸሎት እዩ፥ ምሕረት ከኣ ሕይወት ናይ ጾም እዩ ስለዚ እንተጸሊኻ ጹም እንተ ጾምካ ምሕረት ኣርኢ ናትካ ልመና ክስማዕ እንተ ደሊኻ ናይ ካልኦት ልመና ስማዕ እዝንኻ ንካልኦት እንተ ዘይዓጺኻ ንርእስኻ ናይ እግዚኣብሔር ኣእዛን ትኸፍት።

ኣብ ግዜና ጾም ባህሊ ኮይኑ ዘይመልክዑ ለቢሱ ይርከብ ኣብ ግዙፍ ነገራት ጥራሕ ዘተኮረ ኮይኑ መንፈሳዊ ትርጉሙ ዝቐየረ ኮይኑ ንረኽቦ። ኮይኑ ግን ጾም ንነፍስን ስጋን ጥቕሚ ዘልኦ እዩ። ብጾም ኣቢልና ንፈጣሪና ንረኽቦ ከምኡ ምስ ሓውና ብዝያዶ ንቈራረብ።

ብእምነት ዝፍጸም ጾም ኣብ ጸዋማይ ምልእት ነፍስን ስጋን ረኺቡ ንሓጢኣት ወጊዝና ምስኣምላኽ ውህደት ንፈጥር። ቅ. ኣጎስጢኖስ ብሂወቱ ዝረኣዮ ከምዚ ይብል “ኣብ ውሽጠይ እገዳ ክገብር እየ እዚ ኸኣ ንሱ ክምሕረኒ ምእንቲ እዩ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ሞጎስ ምእንቲ ክረክብን ኣነ ሓጎስን ደስታን ምእንቲ ኪመልእ” ይብል። ካብ መግቢ ምኽልካል ንውሽጣዊ ኩነታትና ንክርስቶስ ከም ዝሰምዕን በቲ ድሕነት ዜህብ ቃሉ ክምዝምገብ ይገብሮ። ብጸሎትን ጾምን ንኣምላኽ ኣባና ክዓዪ ነቲ ውሽጣዊ መንፈሳዊ ጥመትና የርውየልና።

ጾም ዓይንና ከም ዝኸፈት ዝገብር ኩነታት ይፈጥረልና በዚ ኸኣ ኩነታት ኣሕዋትና ከምንርዳእ ይገብረና። 1ዮሓንስ 3፡17 “ግናኸ ዝኾነ ይኹን ጥሪት እዛ ዓለም እዚአ ዘለዎ እሞ ሓዉ ተሸጊሩ እናረአዮ እንተ ዘይደንገጸሉ ክመይ ኢሉ ደአ ንአምላኽ አፍቅር እየ ኺብል ይኽእል”።

ብምሉእ ነጻነት እንኣትዎ ጾም ከምቲ መንፈስ ሕያዋይ ሳምራዊ ከምንፈጥሪ ይገብረና ተደፊእና ንዝሳቐ ሓውና ከምንሕግዝ ይገብረና። መንፈስ ጾም ኣብ ሓገዝና ንዝምርኮሱ ኣሕዋትናን ኣሓትናን ከም ጓኖት ዘይኮኑስ ከም ኣካልና ከምንርእዮም ይገብረና። መንፈስ ቀዳሞት ክርስትያን ለቢስና ሓባራዊ ሕይወት ክነዕቢ ኣብ ጸሎት ጾም ምጽዋት ክንወፍር፥ይግብኣና።

ኣብዚ ቅዱስ እዋን ጾም ውሽጥና ሓዲስና ኣብ ምሕረት ኣምላኽ ኣሚና ንጀምሮ ንስሓ ንእቶ። ኣምላኽ ካባና ርሑቕ ኣይኮነን ንሕና ኢና ኣቢና ዘሎና እሞ ሎሚ ኣብኡ ክንምለስ ግዜ ተዋሂቡና ኣሎ ንጠቐመሉ። ቤተክርስትያና ኣብ መኣዲ ንስሓ ኣቲና ዕርቒ ክንፈጥር ትምሕጸነና ኣላ።

ኣባ ንጉሰ ፍስሓ
Seattle USA